# ኣኼባ ኣባላት ጉጅለታት ህ.ግ.ደ.ፍ. ን/ጨንፈር ሰሜን ጀርመን ብዓወት ተዛዚሙ

እቲ ብዕለት 27.10.2012. ኣብ ከተማ ከለን ዝተገብረ ኣኼባ ልክዕ ሰዓት 11.30 ብኣቶ ካሕሳይ ተወልደ ካብ ቤት ጽሕፈት **ህግደፍ ን/ዞባ ጀርመን** ርሑስ ዒድ-ኣል ኣድሓ ንሙሉእ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ንኣመንቲ ሃይማኖት ምስልምና ብምምናይን ሓጺር መግለጺ ብዛዕባቲ ኣኼባ ብምሃብን ድሕሪ ምኽፋቱ፡ ኣምባሳደር ጴጥሮስ ጸጋይ ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ሃገርና ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ። ኣምባሳደር ጴጥሮስ ጸጋይ ኣብቲ መንግስቲን ህዝብን ኤርትራ ዝገብሮ ዘሎ ጻውዒት ምልዓል እገዳን ንምልዓሉ ዝሕግዙ ዲፕሎማሲያዊ ርክባት ምስ ብዙሓት መንግስታት ዓለም ብፍላይ ድማ መንግስታት ኣፍሪቃ ከብርህ ከሎ፡ እቲ ናይ እገዳ ምኽንያታት ሓሶት ኮይኖም ስለዝተረኽቡ ንኽልዓል ዝድግፉ ሃገራት እናበዝሓ ይኸዳ ምህላወን ገሊጹ።

ብዛዕባቲ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስ ዝግበር ዘሎ ግስጋሰ፡ ዘለዉ ጊዝያውያን ሕጽረታት ንምፍታሕ ዝግበር ዘሎ ቃልሲ፡ ሓሓሊፉም ዝርኣዩ ዘለዉ ናይ ምሕደራ ጸገማት ንምእላዮም ዝግበር ዘሎ ቃልሲ እውን ጥልቕ ዝበለ መብርሂ ሂቡ። እቲ ህሉው ኩነታት እዚ ኮይኑ ጸላእትና ብቶጻሊ፡ ንኽህሉ ዝኽእል ነዃላት መዝሚዞም ነቲ እከይ ዕላማታቶም ንኽይጥቀምሉ መኸተና ቀጻሊ ክኸውን ኣለዎ፡ ዚያዳ ኣድማዒ ንምግባሩ ድማ ብሓድሽ ኣወዳድባ ምስራሕ ከምዘድሊ ገ ይሕሰቡ ከምዘሎን ብምግላጽ ዝቐረብሉ ሕቶታት ድሕሪ ምምላስን ርእይቶታት ድሕሪ ምስማዕን ዘረብኡ ዓጺዩ።

ቀጺሉ ኣቶ ካሕሳይ ተወልደ ሓፈሻዊ ንጥፈታት ን/ጨንፈር ኣብ ዝምልከት መግለጺ ክህብ ከሎ፡ ኣብ ስራሕ ዘጋጥሙ ጸገማትን ተሞኩሮታትን ኣብ ጸብጻብ ናይተን ኣብቲ ኣኼባ ዝተረኽባ ጉጅለታን ዘተኮረ ኮይኑ ነተን ኣብ ርሑቕ ሰሜን ዘለዋ ጉጅለታት (ብረመን ሃምበርግ በርሊን ወዘተ..) ናይ በይነን ኣኼባ ክግበረለን ምዃኑ ሓቢሩ። ንጥፈታት ከተማ ከለን፡ ቢለፈልድ፡ ዱዘልዶርፍ፡ ክረፈልድ፡ ሹፐርታል ወዘተ.. በብሓደ ድሕሪ ምግላጹ ድማ፡ መራሕቲን ኣባላት ጉጅለታትን ዘለዎም ርእይቶታትን ሕቶታትን ኣቕሪቦም።

ካብኡ ቀጺሉ፡ መስርሕ ምህናጽ ቁጠባ ኤርትራ ኣብ ዝብል እርእስቲ ኣቶ ዮውሃንስ እያሱ ኣስተምህሮ ሂቡ። ኣቶ ዮውሃንስ ቁጠባ ኤርትራ ኣብ ሰሳታት ልዑል ምንባሩን፡ ስጋብ ምዓልቲ ናጽነትክ እቲ ብኢትዮጵያ ዝተገብረ ዕንወት ስጋብ ክንደይዩ ንታሕቲ ከምዘንቆልቆሎን፡ ድሕሪ ናጽነት ነቲ ዝተረከብናዮ ዝዓነወ ቁጠባን፡ ትሕተ ቅርጺን፡ ንምብርባር እንታይ ከምእተገብረን፡ ምስተን ድላይ ህዝብን ሃገርን ኣብ ግምት ዘየእተዋ ክንሕግዝ ኢና ዝብላ ዘይመንግስታውያን ውድባት ዝነበረ ጸገም፡ ስጋብ ወራር ወያነ ዝተገብረ ናህሪ ምዕባሌ፡ እቲ ናህሪ በቲ ወራር ክኹለፍ ከሎ ዝሰዓበ ክሳራታት ስጋብ ክንደይ ምንባሩ (2 ቢልዮን ዶላር) ድሕሪ ምብራህ፡ ፕሮጀክት ዋርሳይ ይከኣሎ ብምትእትታው ዝተበጽሐ ዓቢ ሃገራዊ ህንጻት፡ ዝተሰርሑ ዲጋታት፡ ጽርግያታት ቤት ትምህርትታት ሕክምናዊ ህንጻታት ብዝርዝር ገሊጹ። ማሕበራዊ ፍትሒ ንምስፋን ነቲ ኩሉ ዝነበረን ዘሎን ምትንዃላትን እገዳታትን ሰዒርካ ዝተበጽሐ ምዕባሌ ኣስፊሑ ገሊጹ። ሎሚ ኤርትራ ንኣውፈርቲ ምችእትን ሰሓቢት ዘብሉዋ ረቛሒታት ክዝርዝር ከሎ፡ ትሕተ ቅርጻታት ተዋዲዶም ምህላዎም፡ ባሕሪ ስለዘለዋ፡ ጽፉፍን ዘትኣማምንን ፖሊሲ ስለዘለዋ፡ ሰፊሕ ዕዳጋ ናይ ማእከላይ ምብራቕን ኣፍሪቃን ኣብ ጥቓኣ ስለዝርከብ፡ ካብ ኩሉ ድማ ጸጥታዊ ውሕስነት ስለዘሎዋን ካብቶም ክጥቀሱ ዝኽእሉ ኮይኖም፡ ብጀካቲ ዘሎ ሃብቲ ባሕርን ሕርሻን ካልእን፡ ንነዊሕ ዓመታት ዝጸንሑ ማዕድናትውን ከምዘለዉዋ (ፖታሽ ስጋብ 150 ዓመታት) ገሊጹ። ብፍሉይ ኩነታት ሃገርና ዝግበሩ ዘሎዉ ገዝፍቲ ወጻኢታት እንታይ ምዃኖም ድሕሪ ምግላጽ ድማ፡ ናይቲ ንኣውፈርቲ ደቂ ሃገር ዝማቻቻእ ዘሎ ተኻፈልቲ ክንከውን እንተድኣኹንና፡ ነቶም ወጻኢታት ኣብ ዘጉድሉ ዓይነት ወፍሪታት ንከነተኩር ምኽሪ ሂቡ። ካብ ተኻፈልቲ ኣኼባ ንዝቐረብሉ ሕቶታት ድሕሪ ምምላሱ ድማ ብናይ ኣምባሳደር ጴጥሮስ ናይ መዕጸዊ ቃል እቲ ኣኼባ ተዛዚሙ።

ኣምባሳደር ጴጥሮስ፡ ሓለፍቲ ንኡስ ጨንፈር፡ ኣባላት ጉጅለታት ብሙሉኦም ድማ ስለቲ ኩሉ ጽፉፍ ምቅርራብ ንሓለፍቲን ኣባላትን ጉጅለ ከለን ምስጋናኦም ኣቕሪቦም።

ዓወት ንሓፋሽ
ህ.ግ.ደ.ፍ. ጉጅለ ከተማ ከለን